# ህጹጽ እዩ! ነጻ ትምህርቲ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን፡

## ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ብነጻ ናይ ምምሃር መሰላት፣

ናትካ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ኖርወይ፡ ብጠቕላላ 600 ሰዓታት ብነጻ ናይ ምምሃር መሰል ይህብ እዩ። እዚ ማለት ድማ፡
- ኖርወጅኛ (550 ሰዓታት)፡ ከምኡ'ውን
- ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን (50 ሰዓታት)፣

እቲ ትምህርቲ፡ ንሰለስተ ዓመታት ነጻ ኢዩ፡
- ካብቲ ንስኻ መንበሪ ፍቓድ ዝተቐበልካሉ፡ ወይ ከኣ፣
- ካብቲ ንስኻ ምስ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ናብ ኖርወይ ዝመጻእካሉ፣

**መተሓሳሰቢ**! እንተድኣ ንስኻ ነዚ ትምህርቲ እዚ ዘይጀመርካዮ፣ ወይ'ውን ኣብዘን ዝተባህላ ሰለስተ ዓመታት ዘይወዳእካዮ ኮንካ ድማ፣ ነቲ ትምህርቲ ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣለካ።

## ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር ግዴታ፣

ነዚ ዝስዕብ ዝምልከት እተቐርቦ ሕቶ ተቐባልነት ንኽትረክብ፣ ናይ 600 ሰዓታት ናይ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ትምህርቲ ከተማልእ ግዴታ ኣሎካ፣
- ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ፡ ከምኡ'ውን/ ወይ ከኣ
- ዜግነት፣

ካብዚ ግዴታ'ዚ ነጻ ንኽትከውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ እንተ ድኣ፡-
- ንስኻ ብኖርወጅኛ ወይ ሳሚኛ (Samisk) ዘለካ ፍልጠት እኹል ምዃኑ ዘረጋግጽ ሰነድ ከተቕርብ ክኢልካ፣ ወይ'ውን፣
- ፍሉያት ናይ ጥዕና ወይ ካልእ ብኽቢድ ዝምዘኑ ምኽንያታት ከም ዘለካ ተረጋጊጹ፤

**ተግባራዊ/ ጠቓሚ ሓበሬታ፣**

ንትምህርቲ፡ ወይ ከኣ ካብ ትምህርቲ ነጻ ንምዃን ከተመልከት ምስ እትደሊ፡ ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ህዝባዊ ምምሕዳር ዝርከብ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ትምህርቲ (Voksenopplæring) ክትውከስ ኣሎካ። ሕቶ ምስ ዝህልወካ ወይ ከኣ ንናይ ግዜ ገደብን ጉዳይ መሰላትን ዝምልከት ዝርኢ ሓበሬታ ምስ እትደሊ ድማ፡ ነቲ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ቤት ትምህርቲ ክትውከስ ትኽእል።

ባዕልኻ'ውን ኣብ www.imdi.no ወይ ከኣ www.udi.no ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።